ሓዲሽ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 21
ሕዳር 2020

## ካብ ዕለት 24 ሕዳር ጀሚሩ ኣብ ግብሪ ዝውዕል 8 ሓደሽቲ ሕግታት

**ኣብ ሽወደን ምስፍሕፋሕ ናይዚ ለበዳ ይቕጽል'ዩ ዘሎ። ስለዚ እዩ ከኣ ሎሚ ዝተፈላለየ ምኽርታትን ቀይድታትን ዝመጽእ ዘሎ። ኣብ ሓፈሻዊ ምትእኽኻብን ሕዝባዊ ጽንብላትን 8 ሰባት ጥራይ እዮም ብሓደ ክህልው ዘለዎም።**

መንግስት፡ ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣንን ካልኦት ኩሎም ሰበስልጣናትን ብሓባር ነዚ ለበዳ ንምግታእ ይሰርሑ ኣለው። ስለዚ እዩ ሓደሽቲ ሕግታት ምውጻእ ዝቕጽል ዘሎ። ገለ ካብቲ ሕግታት ንምሉእ ሃገር ይምልከት። ካልኦት ሕግታት ከኣ ንዝተወሰኑ ኣውራጃታት ይምልከት።

እቶም ኣገደስቲ ሕግታት ክሳብ ሕጂ ንምሉእ ሽወደን'ዮም ዝምልከቱ፡ ርሒቅት ሓሉ፡ ኣእዳውካ ተሓጸብን ምልክታት ሕማም ኮሮና ( ኮቪድ -19) እንተለካ ከኣ ገዛኻ ጽናሕ።

ንምሉእ ሃገር ዝምልከት ሓዱሽ ሕጊ ኣብ "ሓፈሻዊ ምትእኽኻባት" ወይ" ህዝባውያን ጽንብላት" 8 ሰባት ጥራይ ክእከቡ ዝብል እዩ። እቲ እንኮ ፍሉይ ኩነት ቀብሪ'ዩ። ኣብኡ 20 ሰባት ክእከቡ ይኽእሉ።

ብመሰረት እዞም ሓደስቲ ሕግታት ኣብ ሓፈሻዊ ምትእኽኻብ ልዕሊ ዓቐን ብዝሒ ሰባት እንተ ደኣ ኣለዉ ፖሊስ ደው ከብልዎ ወይ ከደስክልዎ ይኽእሉ። እቶም ነዚ ሓፈሻዊ ምትእኽኻብ ዘዳልዉ ሰባት ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ወይ ናይ 6 ወርሒ ማእሰርቲ ክፍረዱ ይኽእሉ።

እዚ ሕጊ ካብ ዕለት 24 ሕዳር ጀሚሩ ን 4 ሰምንታት ግብራዊ ይኸውን። ኩነታት እንተ ደኣ ዘይተማሓይሹ : እዞም ቀይድታት ንግዜ ልደት ፈረንጅን ሓዱሽ ዓመትን ክቕጽሉ ይኽእል።

**እንደገና ሓደሽቲ ሕግታት ንመእለዪ ኣረጋውያን**
ኣብ ዝሓለፈ ጽድያን ኣብ መጀመርያ ቀውዕን ናብ መእለዪ ኣረጋውያን ምብጻሕ ክልኩል'ዩ ኔሩ። ብድሕሪኡ እንደገና ተፈቒዱ:እንተኾነ ግን ሕጂ'ውን እቲ ቫይረስ ተመሊሱ ኣሎ። ስለዚ እምበኣር መንግስቲ ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን ናብ መእለዪ ኣረጋውያን ናይ ምብጻሕ ከባብያዊ እገዳ ክውስን ከም ዘለዎ ውሳኔ የሕሊፉ ኣሎ። እዚ ማለት ኣብ ምሉእ ሃገር ክፈላለ'ዩ። ኣብቶም ዝድለዩ ቦታታት ክእገድ'ዩ።

ካብ ናይ ቅድም ዝፍለ ነገር ኣብ መእለዪ ኣረጋውያን ዝቕመጣ/ጡ ንበዓል ቤተን ወይ በዓልቲ ቤቶም ወይ መጻምዶም ክረክቡ ክኽእሉ እዮም። ቀደም ይከኣል ኣይነበረን።

ናብ መእለዪ ኣረጋውያን ክትበጽሕ እንተደሊኻ ናይ ግድን ደዋልካ ክትከይድ ዝከኣል እንተኾይኑ ክትሓት ኣለካ። እዚ ካብ ዕለት 21 ሕዳር ክሳብ ወርሒ የካቲት 2021 ግብራዊ ይኸውን።

**ጥዑም ዜና- ክታበት ኣብ ሓጺር ግዜ ክመጽእ ይኽእል ኢዩ**

ሎሚ ብዙሓት ትካላት መድሃኒት ክታበት የማዕብላ ኣለዋ። ብዙሓት ኣብ መጀመርያ ናይ ዝመጽእ ዓመት ክታበት ኣንጻር ኮሮና ክህሉ'ዩ ኢሎም ይኣምኑ። ግን እዚ ክታበት ብቐጥታ ናብ ኩሉ ሰብ ክበጽሕ ኣይከኣልን። መጀመርያ ኣረጋውያን፡ ሕሙማትን ናይ ሕክምና ሰራሕተኛታትን ክኸተቡ እዮም።

ኩሉ ጽቡቕ እንተኾይዱ ኩሉ ኣብ ሽወደን ዘሎ ክሳብ ቀውዒ 2021 ክኽተብ'ዩ። ሕጂ ግን ብልክዕ ክፍለጥ ጌና ኣይክኣልን።

**ሓፈሻዊ ምትእኽኻባት-ኣብነት**
ሰላማዊ ሰልፍታት ወይ ንሓፋሽ ዝውሃብ ኣስተምህሮ:
ሃይማኖታውያን ርክባት: ትያትር: ስኔማታት:
ኮንሰርታትን ካልእን።
**ህዝባዊ መደባት- ኣብነት**
ውድድራትን ምርኢታት ኣብ ስፖርት: ሳዕስዒት:
መዛናግዒ ቦታ: ዕዳጋታት: ናይ መወዓውዒ ርክባት
*እዚኦም ንኣብያተ ትምህርቲ: ኣገልግሎት መጒዓዝያን ናብ ድኳናት ምብጻሕን ኣይምልከቱን። ንውልቃዊ ርክባት እውን ኣይምልከትን: ግን መንግስቲ ሰባት ብብዝሒ ክራኸቡ ጽቡቕ ከምዘይኮነ ክርድኡ ይትስፎ።*

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**
እዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ካብ ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ይመጽእ። ጉጅለ ምትሕብባር ቅልውላው ኣውራጃ ካልማር ምትሕብባር ናይ ኩሎም ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ: ዞባ ካልማር: ባይቶ ኣውራጃ ካልማርን ካልኦት ኩሎም ሰበስልጣናት ናይዚ ኣውራጃን እዩ። ኣብ ግዜ ቅልውላው ናይዚ ሕብረተሰብ ብሓባር ንውስንን ነንሕድሕድና ንተሓጋገዘን።

facebook.com/krissamverkan.kalmar